# መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ
## ብድምቀት ተዘኪሩ

ትማሊ ሮቡዕ ዕለት 20 ሰነ 2007 ኣብ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ዝነብሩ ኣስታት 3000 ዝኾኑ ኤርትራውያን ንዝኽሪ ሰማእታት ብድምቀት ዘኪሮሞ ኣምሲዮም። ኣብዚ ኣብ ኣግሪ ሓወልቲ ዋሽንግተን ዝርከብ SYLVAN THEATER ዝተባህለ ቦታ ዝተኻየደ ናይ ዝኽሪ ምሸት፡ ጸሓፊት ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ወ/ሮ ፍረወይኒ ተኽስተ ንተሳተፍቲ ኣንቋዕ ደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ ንትርጉምን ዕላማን'ቲ በዓል ዘንጸባርቕ ቃል ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣቕሪባ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕ/መ/ኣመሪካን ካናዳን ኣቶ ግርማይ ገብረማርያም ብወገኑ፡ ኣብ'ዚ ዕዙዝ ኣጋጣሚ ተረኺቡ፡ 20 ሰነ ምስክር ጅግንነት፣ መስዋእቲ፣ መብጽዓን፣ ውርሻን፣ ምኻና ጠቒሱ፡ ሰማእታትና መስዋእቶም ትርጉሙ ዝለብስ ኣብ መዓልቲ ሰማእታ ሓንሳብ ኣብ ዓመት ጥራይ ብምዝካሮም ዘይኮነ፡ ንሕልምታቶምን ዝወደቕሉ ዕላማን ብግብሪ ብምስራሕ፡ ብልጽግትን ራህዋን ሰላምን ዝዓሰላ ኤርትራ ክውንቲ ምግባር ስለዝኾነ፡ ህዝቢ ከም ወትሩ ብሓድነትን ምሉእ ጥምረትን ሓላፍነቱ ከልዕል ብምዝኽኻር፡ ተሓቢንና ክንዝክሮምን፡ ሰሪሕና ክንድብሶምን ዝምዕድ ቃል ኣቕሪቡ።

ብተወሳኺ፡ ኣምባሳደር ግርማይ፡ ብኣቦ መንበር ሽማግለ በዓላት፣ ኣደ መንበር ሃማደኤ ጨንፈር ዲሲን፣ ክልተ ወለድን ተሰንዩ ንኽብሪ ሰማእታትና ኣብ ጽላል'ታ ዝወደቑላ ክብርቲ ባንዴራ ዕንባባ ኣንቢሩ።

ካብ ማሕበር ሙዚቀኛታት ኤርትራ፡ ድምጻውያን፡ ሳሚ ብርሃነን፡ ዳሽም ምስግናን፡ ኪዳነን ከኣ እንዳተበራረዩ፡ ንስለ ክብሪ መስዋእቲ ዘይሞምን ዘሚርምን። 5 ዜጋታትና ከኣ ንክብሪ ሰማእታት ዘንጸባርቕ ግጥምታት ኣቕሪቦም። ጉጅለ ባህሊ ዋርሳይ ዋሽንግተን ዲሲ ብመንእሰይ ዮናታን ፍቓዱ ተደሪሳ ዝቐርበት መንእሰያት ኤርትራ ሃገር ንምምጻእን ንምዕቃብን ንስለ ሃገር ኩሉ ዕድላቶም ኮሊፎም፡ ንእስነቶምን መጻኢኦምን መኒኖም ንዝኸፈልዎ ክቡር ዋጋን ረዚን መስዋእትን እንተንጸባርቕ "ናፈቐ" ዘርእስታ ሙዚቃዊት ድራማ ኣብ ዘቐረብሉ፡ ኣባል'ቲ ጉጅለ መንእሰይ ማክዳ ተስፉይ፡

……… ልበይ ንልብኻ ኣፍቂራ - ልብኻ ንሃገር ዘሊላ
ንጅግና ኩሉ ፈታዊኡ - ደሙ ዝሀበ ንባንዴርኡ
ሓሰኻ ናይ ቤተይ ነጺሁ - ድነ ጽልግልገይ ጋሊሁ
ዕርብርቡ ከይዱ'ቲ ዝብኢ - ኣየትከለን ሕልሙ'ዚ ነባሒ ……

ገለ ካብ'ቲ፡ ብዜማ ዝሰንያ ዘቕረበቶ ትሕዝቶ ነበረ።

ተሳተፍቲ በዓል ንስለ'ቲ ክቡር ህያብ ሰማእታትና ሽምዓ ብምብራህ፡ ኣብ'ቲ ብኣግራብን ሳዕርን ዝተኻልበበ ጎላጉል ሓወልቲ ዋሽንግተን ኣብ ዝተቐርጸ መገዲ ኣጋር ተሰሊፎም፡ ዳሕረዎት ምስ ቀዳሞት ኣብ ዘየረኣኣሉ ርሕቀት ተሰሪዖም ምዕሩግ ሰልፊ ሽምዓ ኣካይዶም።

እዚ ዓበይቲን ንኣሽቱን ዘካተተ ናይ ትማሊ ምሸት ስነ-ስርዓት፡ ብትሕዝቶኡን ተሳተፍቱን፡ ደወል ምውርራስ ዘበስር፣ ዝኽሪ ዘሐድስ፣ ርዝነት መስዋእቲ ዝሾልዕ፣ ሃገራዊ ቃል-ኪዳን ዘጽንዕ፣ መጻኢ ብሩህ ተስፋ ዝእምት፣ መቐጸልታ ናይ'ቲ ህዝብና ኣብ ገገዝኡ ሽምዓ ብምብራህ ብሓበን ደቂ ክዝክር ዝቐነየሉ፡ ኣጋጣሚ መጠን፡ ልክዕ ሰዓት 09፡00 ድ.ቀ. ብዝኽሪ ሰማእታት ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ !!
ኮሚቴ ጎስጓስን ሓበሬታ
ኣ/ሽ/ሃ/በዓላት

# “ናፊቐ”

ናፊቕ ናፍቖት ፍቕሪ - ናፍቖት ልቢ
ነቢዐ ንብዓተይ ይዛሪ
እዚ ዶ ይዓቢ

        ንብዓተይ እንተዛረየ - ክንዲ ዕልልታ ክንዲ ዕሰለ
        ክንዲ ስሙራት ኣእዳው - ክንዲ ሰቐጥቀጥ መንኮባት ዝንኖ

ሽውዓተ ዓመታት ኣቑጺሩ
ጽምዋ ንልበይ ክስዕሮ
ኣይጎደለን ልበይ መሊኡ
የቋምተካ'ሎ ጸኒዑ

        እንዳተራእየኒ ስሉም ዳስ
        እንዳዘመሩ ሕብስቲ ክንቆርስ
        ክንምረቕ ሕቆና ክንጥብጠብ
        ሓዳርና ባርኾት ክረክብ

ክንዲ ስሙር ጓይላ ዲምዲምታ ከበሮ
ክንዲ ዕሰለና ቲኤምቲ ንዘሮ
ክንዲ ለጋብ ስቦ ክንዲ'ቲ ስሉም ዳስ
ክንዲ'ቲ ሕጽኖትና ሕብስቲ ምቁዳስ

        ይጽበ ንድየ ነይረ ወፈርካ ክትምለስ
        ክነግር ስድራና ፍቕርና ክነውሕስ
                ተዛረየ ንብዓተይ እዚ ዶ በዚሑካ
                ትሃን ናፍቖተ'ዩ ፋይዳ መሪር ፍቕረይ

        ልበይ ንልብኻ ኣፍቂራ
        ልብኻ ንሃገር ዘሊላ
                        ንጅግና ኩሉ ፈታዊኡ
                        ደሙ ዝህብ ንባንዴርኡ
                        ሓሰኻ ናይ ቤተይ ነጺሁ
                        ድነ ጽልግልገይ ጋሊሁ

        ዕርብርቡ ከይዱ'ቲ ዝብኢ
        ኣየትከለን ሕልሙ'ዚ ነባሒ

        ልኡለይ ናፊቐ ናፊቐካ፡ ፍቱወይ ሃሪፈካ!

ብዮናታን ፍቓዱ